# ወርቃዊ ኢዮቤል

## ጽንብል ሓዲስ ቤተ ክርስቲያን

## ደብረ መድሃኔ ዓለም ኢራ

(1913-2013)



ቤተ ክርስትያን ደብረ መድኃኔ ዓለም ኢራ ታሕታይ፣ ብ1913 ኢ.ያ ተሃንጻ።ስለዚ ወርቃዊ ኢዮቤል ናይ 100 ዓመታ ተብዕል ኣላ። እዛ ቅድሚ 100 ዓመት ዝተሃንጸት፣ ምስ ምንዋሕ ጊዜ ኣዝያ ኣሪጋ ኣብ ኣሰካፊ ኵነታት በጽሓ ኢ.ያ ነይራ። ምስ ወርቃዊ ኢዮቤል ምብዓል ናይ ምሕዳሳ ተበግሶ ክትወስድ ዝደፋፍእ ኣጋጣሚ ስለዝኾነ፣ ኣብ 2009 ካብ ቁምስና ደብረ ቁስቋም ሽዕብ ሰለባ እናተመላለሱ ዘገልግልዋ ዝነበሩ ካህናት ኣሕዋት ማኅበር ካፑቺኒ ኣባ ኣኽልሉ ሃ/ማርያምን ኣባ ምሕረተኣብ ዘርኤን ከምኡ ከኣ ኣብ ከተማን ዓዲን ዝቕመጡ ደቂ ዓዲ ናይ ሓባር ኣኼባ ኣብ ኤደን ብምግባር ንምሕዳሳ ሓሳብ ኣበግሶም ነይሮም።

ድሕሪ 34 ዓመት ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ቁምስና ብካህን ሰበኻ ክቡር ኣባ ዘምሕረት ብርሃነ ብዕለት 14/02/2011 ዓ.ም.ፈ ካብ ኣሕዋት ማሕበር ካፑቺኒ ተረከቡ። እቲ ቤተ ክርስትያን ደብረ መድኃኔ ዓለም ኢራ ከም ብሓድሽ ምህናጽ ዝብል ሓሳብ ከኣ ዝያዳ ኣቃልቦ ክረክብ ዕድል ረኸበ።

ክቡር ኣቦና ኣቡነ ኪዳነማርያም የዕብዮ ሓዋርያዊ ምብጻሕ ኣብ ዝገበሪሉ፣ ቅድሚ 100 ዓመት ዝተሃንጸ ቤተ ክርስቲያን ደብረ መድኃኔ ዓለም ኢራ፣ “ኣሪጋ ኣብ ዘሰክፍ ደረጃ በጺሓ ከም ዘላ ስለዝተገንዘቡ፣ ንቆሞስ

ኣባ ዘምህረት ብርሃነ፣ እዚ ህንጻ ደብረ መድኃኔ ዓለም ኣዝዩ ኣርጉ ስለዘሎ፣ ናይ ምሕዳሳ መደብ ከም ዘሎ ሓበርዎም”።እንተኾነ ኣባ ዘምህረት ብርሃነ ብጥዕና ምኽንያት ዲሕሪ ሸውዓተ ወሪሒ ካብ ኢራ ተቀዪሮም። ብድሕሪ’ዚ ክቡር ኣባ ዑቁባጋብር ወልደጊዮርጊስ ከም መበገሲ 91,000 (ተስዓን ሓድን ሽሕ) ብምውፋይ፣ ኣብ ከተማን ዓዲን ዝቕመጡ ደቂ ዓዲ ብምርድዳእ ንመስርሒ ሓዳስ ቤተ ክርስቲያን መድኃኔ ዓለም ዝኸውን እምኒ፣ ንሓደ ሜትር ኩዩብ እምኒ 180 ናቕፋ ተተምኑ እምኒ ምእካብ ተጀሚሩ። በዚ መሰረት ከኣ ኣስታት 300ሜትር ኩዩብ እምኒን ብገምጋም 6 ቪያጆ ጃየን፣ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ስሙን ኣብ ከጽሪ ቤተ ክርስቲያን ተኣኪቡ። ነዚ ኣብ ቀጽሪ ቤተ ክርስቲያን ዝተኣከበ እምኒን ጀየን ከኣ 40,000 ወጺኡ።

ድሕሪ’ዚ ክቡር ኣቦና ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነ ይዕብዮ ከምተን ንካልኦት ቁምስናታትን ኣብያተ ጸሎትን፣ ዝኅደለን ክምልኡለን ሓድሽቲ ክሰርሑን መደቦም ክንዲዝኾነ፡ንኣብነት ከም ብዓል ኣይባባ፤ ገርገር፡ ደብረ ቅዱስ ሚካኤል ዜን፡ ንቤተ ጸሎት ቅ. ዮውሃንስ መጥምቕ ቤልታ፡ ቤተ ጸሎት ኪዳነ ምሕረት ገለብ፡ ቁሽ፡ ቤተ ጸሎት ናይ ገዓብ፡ ቤተ ጸሎት ቅዱስ ሚካኤል ኣትኮም ሓልዮቶም ዘቀደሙለን ድሕሪ እዚኤን ናብዚኣ ተጨዲዳ ክትፈርስ ኣስጋኢት ዝነበረት ደብሪ መድኃኔ ዓለም ቆላሕታኦም ገይሮም።

ኣባ ዩሴፍ ዓንዱ ብዕለት 20.02.2012 ዓ.ም.ፈ ኣብ ደብረ መድኃኔ ዓለም ኢራ ቆሞስ ተመድበ ሓዋርያዊ ስራሕ ኣብ ዝጀመርኩሉ፣ ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነማርያም የዕብዮ ብሓልዮት እግዚኣብሔር እቲ ዳግም ንምህናጽ



ዝሓተትናዮ ኣውንታዊ መልሲ ስለዝረኸብና፡ ምህናጽ ክንጀምር ኢና ኢሎም፣ብዕለት 11 መጋቢት 2013 ዓ.ም.ፈ ሓበሩኒ።ኣብ ናይ ሰንበት ቅዳሴ፣ሓዳስ ቤተክርስቲያን ብሓገዝ ኤጳርቅና ከትስረሓ ምዃና ንመእምናን ምስ ኣበሰርኩዎም፣ዓቢይ ዕልልታን ተሓጓስን ኮነ።

ኣቶ ድገ ኢያሱ ቤተ ክርስቲያንን መንበሪ ቆሞስን ሰሪሑ ከረክብ ብዝኣተዎ መሰረት ዕለት 13.05.2013 ዓ.ም.ፈ (5 ግንቦት 2005) ስርሑ ጀሚሩ፣ብሓይሊ መድኃኔ ዓለም ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ተወዲኣ፣ብዕለት 04-05 ግንቦት 2014 ዓ.ም.ፈ እንሆ ትጽንበል ኣላ። ኣምላኽ ነቶም ኵሎም ዝጻመዉ ደቂ ዓዲ ኮነ ፈተውትን ገብርቲ ሰናይን፣ ብጉልበቶምን ብህያባቶምን ዘበርከቱ ኣምላኽ ይቀበለሎም።ነዛ መጽሔት ኣብ ምቕራብ ዝሓገዙኒ ኣባ ጠዓመ ገ/ዮውሃንስ ማኅበር ንኡሳን ኣሕዋት ካፑቺኒ ብልቢ ኣመስግን።

ኣባ ዮሴፍ ዓንዱ
ቆሞስ ደብረ መድኃኔ ዓለም
ኢራ ታሕታይ

# ቡራኬ ሓዲስ ሓንፃ ቤተ ክርስትያንን

## ኣብ መበል ፪ ዓመት ዘደብረ መድኃኔ ዓለም ኢራ ታሕታይ

## ፳፯ ሚያዝያ ፳፻፮ /May 5,2014

- ብጸጋ እግዚኣብሔር ሓዲስ ሕንጻ ቤተክርስትያንን መበል ፪ ዓመት ደብረ መድኃኔ ዓለም ኢራ ታሕታይ ክንባርኽን ክንጽንብልን ተኣኪብና ኣሎና።
- ቡራኬ ቤተክርስትያን .... ነዚ ተራ ሕንጻ ንፍሉይ መንፈሳዊ ኣገልግሎት "ንኣምልኾ" ምሕዛእ፣ ካብ ካልእ ኣባይቲ ብፍሉይ መልክዕ ቅድን ዝሕነጽ።
- ነዚ ሕንጻ'ዚ ከም ስሙ ቤተክርስቲያን እዩ፡ ተኸተልቲ ክርስቶስ ተኣኪቦም ንኣምላኾም ልመናኦምን መሥዋዕተ ምስጋናን ውዳሴን ዘቅርቡሉ እዩ።
- ኣብ'ዚ ቦታ'ዚ ክርስትያን ብፍሉይ ንኣምላኽ ዝረኽቡሉ ቦታ እዩ፡ ስለዚ ብፍርሃትን ረዓድን ንስሓን ዝእቶ ቅዱስ ቦታ'ዩ፡ ከምቲ ንሙሴ እዚ ቦታ'ዚ ቅዱስ'ዩ'ሞ ኣሳእንካ



አውጺእካ ቑም፡ ዝበሎ፤ንሕና ከአ ልብና ኣትሒትናን ኣንጺሕናን ክንኣቱ'ሞ ኣምላኽና ዝብለና ክንሰምዕ እዩ ዝዕድመና።

ስለዚ እዚ ቅዱስ ቦታ፡ - ዝተወልደ ጸጋ
- ጥምቀትን ሜሮን ቅ.ቊርባን
- ክንዲ ሰብ ዝበጽሐ-ጸጋ ኪዳን
- ዝለኣኽ መብጽዓን/ክህነትን
- ዝሓመመ-ሥርዓተ ቀንዴልን
- ዝዓረፉ-ብጸሎት ዝፋነዋላ፡ መንፈሳዊት ቦታ እያ፡

ኣብዛ ቦታ'ዚኣ

- ቃል እግዚኣብሔር ንሰምዓላን ነስተንትነላን፡
- ሓጥእ ምሕረት እግዚኣብሔር ኣብ መንበረ ኑዛዜ ዝረኽበላ
- ናይ ኣምላኽ ሓልዮትን ጣዕምን ነስተማቅረላ፡ ምድራዊትን ሰማያዊትን ቤትና እያ።

ከምኡ ክንድ ዝኾነት ዳዊት፡ ቀደሰ ማኅደሮ ልዑል- ዝየ ኣኅድር እስመ ኅረይክዎ፡ "እቲ ልዑል ማኅደሩ ቀደሰ፡ ስለዝሓረኾዋ ከአ ኣባኣ እሓድር፡ንዝበለ፡

ቤተክርስትያን እምበር -ነቲ እግዚኣብሔር ምሳና (ኣማኑኤል) ንዝብል እተዘኻኽረና ምልክት እያ። ከምቲ ነፍስወከፍና ቤት ዘሎና፡ ኣምላኽና ከአ እንትርፌ ሓጢኣት ንዓና ስለዝመሰለ'ሞ ኣብ መንጎና ስለዝሓደረ፡ ንዓና ክመስል ቤት -ሠራሕናሉ ቤተክርስቲያን ቢልና ሰመናዮ፤ እግዚኣብሔር ኣብ መንጎና ማለት'ዩ።

እዚ እቲ ጉዙፍ ምልክቱ እንክኸውን፡ ቅ. ጳውሎስ. ዕሙቅ ብዝበለ ሕንጻ ቤተ እግዚኣብሔር:- ንስኻትኩም ኢኹም፡ ቤተ መቅደስ መንፈስ ቅዱስ ኢኹም እናበለ፡ እቲ ሓቀኛ ቤተ እግዚኣብሔር/መቅደስ ንሕና ምዃኑ የስተምህረና። "ሰብነትኩም ቤተ መቅደስ ናይቲ ካብ ኣምላኽ ዝተቀበልኩዎም ኣብ ውሽጥኹም ዘለዎ መንፈስ ቅዱስ ከምዝኾነዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም?"1ቆሮ 6፡19፡

እዚ ኣብ ውሽጥና ዘሎ <u>መንፈስ ቅዱስ</u> ንሰውነትና ቀዲሱ፡ ማኅደር መንፈስ ቅዱስ ዝገብሮ ኣብታ ብኢድ ሰብ እተሓንጸት ብዝግበር መንፈሳዊ ሥርዓት ኣቢሉ ዝፍጸም ስለዝኾነት ሕንጻ ቤተክርስቲያን ንቅድስና ሰውነትና ኣድላዩ እዩ።

በዚ ኸኣ'ዩ ሊቃውንቲ "ቤተ ክርስትያን ምስኣል ወምስጋድ መዝገብ ሥርናይ ወክርዳድ" ዝበልዋ፡ሓጥኣናን ጻድቃን - ምስኣል = ንልምነሉ
- ምስጋድ = ኣምልኾና ንገብረሉ

- ቤተክርስትያን ሰውነት ክርስቶስ'ያ ምኽንያቱ ቤተክርስትያን ዝበሃሉ፡-- ዝተጠምቁ
- ብዳግም ልደት ዉሉደ እግዚኣብሔር ዝኾኑ
- ኣካላት ክርስቶስ ዘቑሙ
- ንኢየሱስን ንምስሌንኡን -ዝኽተሉ
- ብሃይማኖትን ምስጢራትን - ሓደ ኮይኖም ዝነብሩ ናይ ሰብ ማኅበር እያቶም።

ናይ ዚኣቶም ጉዙፍ ኣምሳል ሕንጻ-ቤተክርስትያን እዩ፡ እዚ ሎሚ ነጸንብሎ ዘሎና፡ነዚ ክጥቀስ ዝጸንሐ ዘዘኻኸረና እዩ፡፡

እዚ ጽንብል ቤተክርስቲያ ናይታ ብ፲፱፻፫ /1913 ዓ.ፈ ቅድሚ ፻ ዓመት ዝተሓንፀት ቤተክርስቲያን ሕዳሴ እዩ። ኢዮቤል ንፍጽም ኣሎና። ኢዮቤል ኣብ ሕይወት ቅዱሳንን ቅዱስ ቦታታን ዝፍጸም ኣጋጣሚ እዩ።፻ ዓመት ሕንፃ ቤተክርስቲያን እንክንንብል፡ብርሃን ወንጌል ተቀቢልና፡ ኣብ ክርስትናና ዳግም ተበራቢርና፡ ከም ክርስቲያን ታቦት ቀሪጽና ቤተክርስቲያን ሓኒጽና፡ ሕይወት ወንጌል ክንነብር ጀሚርና ንብል ኣሎና። ቅድሚ ፻ ዓመት ከኣ እንታይ ነበርና ኢልና ክንሓትት ከአ እዚ ኣጋጥም እዚ ይጽውዓና።

ኣብ ናይ ሎሚ ኤጳርቅና ከረን ዘሎ ሕዝቢ በመሠረቱ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ክርስቲያን ከምዝነበረ ታሪኽ ዝምስክሮ ኮይኑ፡ እንተኾነ እዚ ክርስትና እዚ ክሳብ ቀዳማይ ክፍሊ መበል 18 ክፍለዘመን ክቅጽል ከአለ።ብድሕሪኡ ግና ምስ ክርስቲያናዊ ወገኖም፡ ብሰንኪ ወራራት ክራኸቡ ብዘይምኽኣሎም፡ዘገልግልዎም ዝነበሩ ውሉደ ክህነት ስለዘሓለፉ፡ ዝትክኦም ከይረኸቡ ንልዕሊ 150 ዓመትን ብዘይ ብርሃን ወንጌል ተረፉ፡ በዚ ኣብ ኣረምንነትን ካልእ ናይ ከባቢኦም እምነትን ሓለፉ።

ኣብ ከምዚ ኩነታት እንከለዉ ብሓልዮት ኣምላኽ ቅ.ቤተክርስቲያን ንኣቡነ ያዕቆብ ኣብ ምድረ ሓበሻ፡ ብልምድን ሥርዓት ሓበሻን ወንጌል ዳግም ክሰብኩ ለኣኸትልና። መሳርሕቶም ከአ ኣብ ምድረ ቦገስ ከባቢኡን ብምምጽእ፡ ነቲ ጠፊኡ ዝነበረ ክርስትና ዳግም ብዝተሐደሰ መንፈስ ሰብኹልና፡ እዛ እንጽንብላ ዘሎና ቤተክርስቲያን ካብተን ናይቲ ዘመን ፍሪ ስብከት እያ።

ዝክረ ኢዮቤል እምበር ተሓድሶ እዩ፡

፩ይ፡ ተዐጢቅኩም መንፈስኩም ሓድሱ።ክርስትናኹም መደብ ገርኩም፤ክትፈልጥዎ፡ ክትነብርዎ፡ ክትምስክርዎ ምጽዓር፡

፪ይ፡ ኣብ'ዚ ፻ ዓመት ሕዳሴ ክርስትና እንታይ ከምዘፍረኹም ተጸባጸቡ።

፫ይ፡ ዋሕስ ክርስትና ዝኸውን መደብ ተልእኮ ፡ መሃዙ።

ኣምላኽ ነዚ ጸጋ እዚ ዝሀበና እናመስግና፡ነዚ ሕንፃ እዚ ንምሕናጽ ዝሓገዙ፡

- ገብርቲ ሠናይ፡ ሰበኻ ካልገሪ፡ ሰበኻ ቅ. ካተሪን ካናዳን
- ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ደቂ ዓዲ፡

ኣብዚ እትርከቡ ደቂ ዓዲ፡ካቶሊካውያንን ኦርቶዶክሳውያንን ዝግበርኩምዎ ኵሉ ምድግጋፍን ምትሕብባርን ኣመስግነኩም፡ሓድነትኩም ሕውነትኩም ኣምላኽ ይባርኽልኩም።

> "ለዛቲ ቤት ሣረራ ኣብ ቀዲሙ፡ሓነፃ ወልድ፡ወፈጸማ መንፈስ ቅዱስ" ኢልና ኣበው ሊቃውንቲ ብዝደረስዎ ቃል እናመስከረና፡ መቀደሲናን መንጽሒናን ይግበሮ።

ርሑስ በዓለ ጽንብል ይግበረልና።

+ኣባ ኪዳነ የዕብዮ

ጳጳስ መንበር ከረን

ጳጳስ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን
Catholic Eparchy of Keren
P. O. Box 460፣ Tel. 00291-1-40 1907
Fax. 00291-1-40 1604

ዕለት /Date: ፳፮ሚያዝያ ፳፻፮
May 4, 2014
ቍ.መዝ/ Ref. No. FC 9/Parsh

# በእንተ ቡራኬ ቤተክርስቲያን
## ዘደብረ መድኃኔ ዓለም ኢራ ታሕታይ

### በግእዝ

ረዲኤተነ በስመ እግዚአብሔር ዘገብረ ሰማየ ወምድረ፤ አሜን፡(መዝ. ፻፳፫ )

በዘመነ ብፁዕ ወቅዱስ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት አባ ፍርንቸስኮስ ፤ ተላዌ ሊቀ ሐዋርያት ጴጥሮስ ዘሃገር ዓባይ ሮሜ፤

እንዘ አባ ኪዳነ የዕብዮ ጳጳስ ዘኤጳርቅና ከረን፡ ወእንዘ ኣባ ዮሴፍ ዓንዱ ቆመስ፡ ወእንዘ ኀለዉ ብዙኃን ካህናት ወምእመናን በይባቤሁ፤

እምድኅረ ፻ ዓመት ሕንፃ ዘቀዳሚ ቤተክርስቲያን፡ አመ ፳፮ሚያዝያ ፳፻፮ /May 4, 2014 / ፈጸምነ ሥርዓተ ንግሥ ዘታቦት ወምቅናይ ዘሓዲስ ሕንፃ ቤተክርስቲያን፡ ወአመ ፳፯ ሚያዝያ ፳፻፮ / May 5, 2014 / አዕረግነ መሥዋዕተ ቅዳሴ ዘአኰተት ወጸንበልናሃ ።

ዝንቱ ሥርዓተ ቡራኬ ወጽንብል ተፈጸመ በከመ ሕገ ቀኖና ዘምሥራቅ ቀኖና. 871,2.

እንከሰ ንጼሊ እንዘ ንብል፡ “ባርክ እግዚኦ ለዛቲ ቤተክርስቲያን ወዕቀባ እስከ ለዓለም፡ ከመ ትኩን ምስኣለ ወምስጋደ ወመስትሥራየ ኃጢአት፡ ወማኅደር ለስምከ ቅዱስ”፡አሜን

### ብትግርኛ

ረዲኤትና ብስም እግዚአብሔር፡ አሜን፡ (መዝ. 124)፣

ብዘመን ብፁዕን ቅዱስን ር.ሊ.ጳጳሳት ኣቡነ ፍራንቸስኮስ፤ ዘመንበረ ሮሜ፡

ከማኡ ብፁዕ አቡነ ኪዳነ የዕብዮ ጳጳስ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን እንከለዉ፡ ኣባ ዮሴፍ ዓንዱ ቆመስ፡ ከለዉ፡ ብዙሕ ሕዝብን ውሉደ ክህነትን ኣብ ዝተረኽቡሉ፡፡
ነቲ ቅድሚ 100 ዓመት ዝተሓንፀ ቀዳማይ ቤተክርስቲያ ፳፮ሚያዝያ ፳፻፮ /May 4, 2014 / ቡራኬ ታቦትን፡ ሕንጻ ቤተክርስቲያንን ድሕሪ ምፍጻም፡ ብ፳፯ ሚያዝያ ፳፻፮ / May 5, 2014 / ናይ ምስጋና መሥዋዕተ ቅዳሴ ብምዕራግ ጸንቢልናያ።
እዙይ ሥርዓተ ቡራኬ ከም ሥርዓት ሕገ ቀኖና ዘምሥራቅ ኣብያተ ክርስቲያናት ቀኖና ቍ. 871,2 ተፈጺሙ።

“ኦ ጐይታ ነዛ ቤተክርስቲያን እዚኣ ባርካ፡ መጸለይን መስገዲትን፡ ኅድገት ኃጢአት ዝርከባን፡ ማኅደር ቅዱስ ስምካን ምእንቲ ክትከውን ንዘለዓለም ሓልዋ” ፡ ኣሜን።

+ ኣባ ኪዳነ
በጸጋ እግዚአብሔር ወበሥምረተ መንበረ ጴጥሮስ
ጳጳስ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን